# ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ

ካልኣይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ: ካብ ትማሊ ዕለት 04 ግንቦት 2007 ጀሚሩ: ኣብ ጀርመን፣ ከተማ ፍራንክፈርት፣ ይካየድ ኣሎ።

ኣብ መኽፈቲ ናይዚ ኣኼባ: ካብ ወርሒ ነሓሰ 2006 ጀሚሩ: ማለት 2ይ ጉባኤ ሰደኤ ክሳብ ሕጂ ዝተኻየደ ስርሓት ብኣቦ መንበር ሰደኤ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ንማእከላይ ባይቶ ጸብጻብ ቀሪቡ: ገለ ካብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ: ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ዝተኻየደ ውድባውን ፖለቲካውን ንጥፈታት: ኩነታት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ጠቒሱ: ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዘሕልፎ ዘሎ ፖለቲካዊ ጸበባን ማሕበራዊ ሽግራትን ዘርዚሩ:: ቀጺሉ ድማ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝምዕብል ዘሎ ሓደገኛ ኩናትን ምፍሳስ ደምን: ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብዋጋ ህዝቢ ኤርትራ ዝጻወቶ ዘሎ ገበነኛ ፖለቲካዊን ዲፕሎማሲያውን ዕንደራን ኣብ ጸብጻብ ኣስፊሩ: እዚ ዝመበገሲኡ ኤርትራዊ ተቓውሞ ደምበ ብሓፈሻ: ብፍላይ ከኣ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ: ንሓደገኛ ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ፖለቲካ ህ.ግ.ደ.ፍ ንምግታእን ንምልጋስን ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ኤርትራ ክህሉ ዝግባእ ርክብን ዝምድናን ብምንጻር ኣብ ጎድኒ ዲሞክርሲያዊ ሓይልታት ኤርትራ ጠጠው ክብላ ዘኽእል ዝጸንዐ ፖሊሲ ንምሕንጻጽ ማእከላይ ባይቶ ክሰርሕ ኣቦ መንበር ሰደኤ ተማሕጺኑ:: ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ ኣብ ኣኼባኡ: ኣብ ጸብጻብ ኣቦ መንበር ተሞርኪሱ ድሮ ትማሊ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣሕሊፉ። ቀጺሉ ኣብ ናይ ትማሊ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ ኣብ ውሽጡ ዝተቐልቀሉ ምዕባለታት ገምጊሙን ውሳኔታት ኣሕሊፉን።

ኣብ ናይ ሎሚ ዛዕባታቱ ድማ: ኩነታት ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞን መጻኢ ዝምድናታት ሰደኤ ምስዚ ደምበን: ዞባዊ ምዕባሌታትን ጽልውኡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ ደምበ ብሓፈሻ ሰ.ደ.ኤ ድማ ብፍላይ ከምኡውን ዝምድናታት ሰደኤ ምስ ጎረባብቲ ሃገራትን ዝኣመሰሉ ዛዕባታት ዘትዩ ውሳኔታት ከሕልፍ ማእከላይ ባይቶ ሰ.ደ.ኤ ትጽቢት ይግበረሉ ኣሎ::

ክፍሊ ዜናን ህዝባዊ ርክባትን
ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
ፍራንክፈርት ግንቦት 05/05/2007